<u>ዘሔጉስ ዜና</u>

ግዱሳት ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ከተማ ሎሳንን ከባቢኣን ሃገረ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ሎሚውን ከም ትማሊ ብንጹህ ሕልናን መንፈስን ስለ ዝተሰኡ ዝገበርዎ ኣዝዩ ብርክት ዝበለ ኣስተዋጽኦ ደጊሞም ከምዚ ዝሰዕብ ብኢድ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ኣቢሎም ንፖጀክት ውጉኣት ሓርነት መደበር ከሰላ ዝውዕል ከም ዘበርከቱ ዝበጽሓና ሓበሬታ እነሆ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሎሚ ንኻልኣይ ጊዜኦም ዘበርክትዎ ዘለዉ ኣስታዋጽኦ 1.450.00 ኤውሮ (ሓደ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእቲን ሓምሳን ኢውሮ) ዛጊት ኣብቲ ዝምልከቶ ሳጹን ከም ዝበጽሐ ተረጋጊጹ ኣሎ።

እዚ ሰናይን ቅዱስ ተግባራቶም ወፊያ ገንዘብ ጥራይ ዘይኰነስ ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ጽቡቕ መርኣያን ፍናንን ዝህብ ብምኳኑ ብስም ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ከቢድ ምስጋና ይብጽሓዮም።